## ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዋዕላ ኣባላት መሪሕነታት
## ሰ.ዲ.ኤ፡ ኤ.ህ.ምን ሰ.ህ.ኤን ተኻይዱ

### ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
22.12.2009

ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነታት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ብ 22ን 23ን ታሕሳስ 2009 ኣብ ኣዲስ ኣኼባ ኣካይዶም ። ኣቶ ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰለስቲኡ ውድባት ኢዩ ነቲ ኣኼባ ብመደረ ከፊትዎ። ኣቶ ኣድሓኖም ኣብቲ ዘቕረቦ ሓጺር መኽፈቲ ቃል፡ ድሕሪ ነዊሕ ጻዕርን ቃልስን ናብ ሓድነት ከም ዝተበጽሐን፣ ሓድነት ምግባር መቃለሲ መድረኽ ምፍጣር እምበር ንገዛእ ርእሱ ናይ መወዳእታ ዓወት ከም ዘይኮነን ጠቒሱ። ኣተሓሒዙ ድማ ሎሚ ጉዳይ ኤርትራ ህጹጽን ግዜ ዘይህብን ምኳኑ ምስ ጠቐሰ፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ሓድነት ናብቲ ዝድለ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ሸቶ ንምብጻሕ ሓያል ቃልሲ ከም ዝሓትት ገሊጹ።



ኣብዚ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ክቡር ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦ መንበር ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓን ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዑ። ንሱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምምስራት ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራ ሰፊሕ ባይታን ዓቕምን ዕዙዝ ግደን ክህሀልዎ ዝኽእል ሰልፊ ኣወንታዊ ኣብነት ምኳኑ ጠቒሱ። እንተኾነ ግን፡ ንኩሉ ጉዳያት በይኑ ዝዓሞ ዘይኮነስ፡ ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ምሕያል ዓቢይ ግደ ከም ዝጽበዮ ውን ኣመልኪቱ። ቀጺሉ ድማ፡ ነዚ ዝረግጋገጽ ዘሎ ሓድነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኰነ ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓ ከም ዝድግፍዎን ዘድሊ ሕገዝ ከም ዝገብርሉን ኣነጺሩ።



እቲ ኣኼባ ዝያዳ ቆላሕታ ሂቡ ካብ ዝተመያየጠሎም ጉዳያት፡ ኣድላይነት ምምስራት ሓያል ሰልፍን እቲ ሓድሽ ሰልፊ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንምሕያል ከካይዶ ዝግበኦ ቃልስን ኮይኑ፤ ብኹሉ መዳያቱ ንምሕያል እቲ ኪዳን ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጹ። ኣኼባ ኣባላት መሪሕነታት ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ'ዚ ዞና፡ ኣብቶም ዝቐረቡ ንድፍታት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ፡ ቅዋምን ፖለቲካዊ ውሳነታትን ስፊሕ ምይይጥ ኣካይዱ። ብዝመዘዞም ወከልቱ ኣቢሉ ድማ፡ ናብቲ ኣብ ፍራንክፈርት ዝካየድ ናይ መወዳእታ ምጽንባራዊ ኮንፈረንስ ውሳነታቱን ለበዋታቱን ከመሓላልፍ ኢዩ።

